## ኣብ ፊንላንድ ከም ሰራሕተኛ ዘለኩም መሰላት

- ምስ ናይ ዜጋ ፊንላንድ ሰራሕተኛ ማዕረ ኢኹም
- ብመሰረት ምስቲ እትሰርሑሉ ጨንፈር ዝገበርኩሞ ውዕል መሃያኹም ይኽፈለኩም
- ሕልፊ ሰዓት እንተሰሪሕኩም ከኣ ተወሳኺ ከፍሊት ይኽፈለኩም
- ኣብ ዕዋን ሕማም ድማ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ምሕታት መሰል ኣለኩም
- ስራሕ ክትጅምሩ ከለኹም ናይ ስራሕ መላለዪ ስልጠና ክዋሓበኩም እዩ
- ምንታን ብዛዕባ ረብሓታትን ናይ ስራሕ ቦታ መሰላታን ማዕዳ ክዋሕበኩም ናይ ሰራሕተኛ ማሕበር ክትጽንበሩ መሰል ኣለኩም
- ኣብ ስራሕ ንዘጋጥመኩም ጸገማት ንኣስራሒኩም ወይ ከኣ ንበዓል መዚ ድሕነት ስራሕ ክተፍለጡ ትኽእሉ ኢኹም

## መሰላትኩም ይገሃሱ ዘይምሕላዎም ብዘም ዝስዕቡ መንገዲታት ኣረጋግጹ

- ናይ ስራሕ ውዕል የብልኩምን
- ብመሰረት ውዕልኩም መሃያ ኣይትኽፈሉን
- ቀረጽ ኣይትኸፍሉን ኢኹም
- ኣብ ስራሕ ቦታ ብምኽንያት ሕብረ ቁርበትኩም ወይ ከኣ ብሃይማኖትኩም ይውጽኡኹም እቲ ናይ ስራሕ ከባቢ ውሑስ ኣይኮነን ከምሳዕቤኑ ከኣ ኣብ ጥዕናኹም ስግኣት ዝፈጥር እዩ
- ስራሕ ንክትረኽቡ ንገለሰባት ሰልዲ  ክትኸፍሉ ኣለኩም ወይ ከኣ ንክትሰርሑዎ ዘይደለኹሞ ስራሕ ትግደዱ ኣለኹም

**ሓባራዊ ውዕል** = ኣብ መንጎ ማሕበራት ሰራሕተኛታትን ኣስራሕቲን ዝግበር ውዕል። ከም ናይ ስራሕ ሰዓታትን መሃያን ዘምሰሉ ስረታት ዝሓዘ እዩ

**ናይ ስራህ ድሕነት ምሕደራ** = ሰራሕተኛታት ኣብ ናይ ስራሕ ከጋጥሞም ዝኽእል ናይ ኣካልን ኣእምሮን ጥዕና ስግኣት ሓደጋ ንምንካይ ዝሰርሕ በዓል መዚ

**ኣብ ቦታ ስራሕ ኣድልዎ** = ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ዝግበር ኣብ ዜግነት፥ ሕብረ ቁርበት፥ ዕድመ ወይ ሃይማኖት ዝተደረኸ ኣድልዎ። ኣብ ስራሕ ቦታ ዝፍጸም ኣድልዎ ገበን እዩ

**ማሕበር ሰራሕተኛ** = ናይ ሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ ኲነታት ከመሓይሽ ዝሰርሕ

**ዘይሕጋዊ ዝውውር ሰባት** = ኣጋጊኻ ወይ ከኣ ኣገዲድካ ብዘይ እኹል መሃያ ወይ ከኣ ኣብ መወዳእታ ሰራሕተኛታት ኣብ እዳ ክኣትዉ ብዝግበር መንገዲ ብዘይ ናይ ስራሕ ውዕል ክሰርሑ ናይ ምግባር ገበን

## ኣድራሻ

- ትካል ናይ ቀረጽ vero.fi 029 497 000
- ናይ ፊንላንድ ሃገራዊ ወኪል ትምህርቲ oph.fi 029 533 1000
- ትካል ምምሕዳር ውሕስነት ናይ ሰራሕተኛን ጥዕናን 029 501 6620
- ማእከላይ ሃገራዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት (SAK) ንስደተኛታት 0800 414 004
- ገበን ዘይሕጋዊ ዝውውር ሰባት ንዝተፈጸሞም 029 546 3177

IOM
UN MIGRATION



# ስራሕ ትደልዩ ኣለኹም ?

## ናይ ሓተትቲ ዕቑባ ኣብ ናይ ፊንላንድ ናይ ስራሕ ዓለም ንምእታው ዝወስዱዎም ቀዳሞት ስጉምቲታት

## ሓበሬታ ብዛዕባ ስራሕ ዓለም ኣብ ፊንላንድ

- ኣብ ስራሕ ብእዋኑ ተረከቡ
- እቶም ዝተሰማማዕኩሙሉ ናይ ስራሕ ምብርርያትን ናይ ስራሕ መዓልቲን ኣኽብሩ
- ሕጊታት ኣኽብሩ
- ሓበሬታ ካብ ምሕታት አይትቆጠቡ
- ብዘይ ካልኦት ሓገዝ ዝሰርሑን ቅድመ-ንጡፋትን ኩኑ
- ስራሕኩም ብጥንቃቐ ስርሑ
- እንድሕር ሓሚምኩም ንኣስሪሕኩም ብሕጹጽ ኣፍልጡ
- ውሕስነት ጥዕናኹምን ናይ ምስራሕ ኣቅምኹም ብግቡእ ሓሉዉ
- ግልጺ ሰባትን ዕጉሳታን ኩኑ:: ምስቲ ናይ ፊንላንድ ናይ ስራሕ ሃዋህው ንክትሰነዩ ቁሩብ ግዜ ክወስደልኩም እዩ

TIGRINJA

## ንስራሕ ድሉዋት ምኳን

- ከም ሓተተ ዕቑባ ናብ ፊንላንድ ክትኣትዉ ከለኹም መንበር ፍቃድን ስራሕ ናይ ምስራሕ መሰል ኣለኹም:: ናይ ምስራሕ መሰልኩም ኣብ ናይ መንበር ፍቃድ ካርዲ ተጻሒፉሎ
- ቋንቋ ፊንላንድ ዊን ድማ ቋንቋ ሽወደን ምክኣል ስራሕ ንኽትረክቡ ይሕግዝ። ስለዝኾነ ድማ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣድላዪ እዩ
- ትምህርቲ ኣድላዪ እዩ:: ኣብ ፊንላንድ ኣብ መብዛሀቱ ስራሕ ናይ ሙያ ትምሕርቲ መረጋገጺ ይሕተት እዩ
- ኦስራሕቲ ናይ ሙያ ትምህርቲ መረጋገጺ ይሓቱ እዮም:: ንቲ ተቕርቡዎ ናይ ሙያ ትምህርቲ መረጋገጺ ድማ ብዝምልከቶ ኣካል ዝተረጋገጸ ክኾውን ኣሎዎ
- ንፊንላንድ ሒዝኩሞ ዝመጽኣኹሞ ናይ ትምህርቲ መረጋገጺ ሕጋዊ ክተግብሩዎ ኣለኩም። ተወሳኪ ሓበሬታ ካብ ሚንስትር ትምህርቲ oph.fi ዊን ድማ ካብ ቫልቪራ valvira.fi ክትረኽቡ ትክእሉ ኢኹም
- ናይ ተወሰኽቲ ትምህርቲ ዕድል ምርግጋጽ ጽቡቕ እዩ። ንኣብነት ናይ ጥዕና ድሕነት ካርዲ ኣብ ናይ እንዳ ቤት ምግቢ ስራሕን ወይከኣ ናይ ስራሕ ድሕነት ካርዲ ኣብ ናይ ሕንጻ ስራህ ከድልየኩም እዩ
- ምልላይ ምስ ማሕበረሰብ ድማ ኣብ ናይ ስራሕ ምርካብ ኣስተዋጽኦ ኣሎዎ:: yhteiskuntaorientaatio.fi መጽሓፍ ምልላይ ምስ ማሕበረሰብ ፊንላንድ ድማ ብቀሊሉ ብቋንቋ ሽወደን ብቋንቋ እንግሊዝ ብቋንቋ ኣረብ ብቋንቋ ዳሪን ብቋንቋ ሶማልን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም

## ናይ ስራሕ መመልከቲ ምእታው

- ካብ ትካል ስራሕ ኣልቦን ትካል ቁጠባዊ ምዕባለ (TE-toimisto) ብዛዕባ ናይ ስራሕ ዕድልን ብዛዕባ ትምህርቲ ናይ መትከል እግሪን ብዛዕባ ካልኦት ትምህርቲታትዊን ሓበሬታ ካብ te-palvelut.fi ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም
- እንድሕር ንስራሕ ትደልዩ ኮይንኩም ዊን ድማ ካብ ስራሕ ተሰጒግኩም ንትካል ስራሕ ኣልቦ (Te-palvelut) ክተፍልጡ ኣለኩም ምዕንታን ናይ ስራሕ ኣልቦ ሓገዝ መሰልኩም ካይትስእኑ
- ከም ዓማዊል ትካል ስራሕ ኣልቦ ናይ ስራሕ መመልከቲኹም ካይውድቕ ዊን ድማ ካይተቋረጸ ክቕጽል ምክትታል ናትኩም ሓላፊነት እዩ:: ካቡኡ ብተወሳኺ ከም ኣማራጺ ንዝቐርበልኩም ናይ ትምህርቲ ዊን ድማ ናይ ስራሕ ዕድል ክትቕበሉ ኣለኩም
- ኣብ ፊንላንድ መብዛሕቱ ግዜ ናይ ስራሕ መመልከቲ ኣብ ኢንተርኔት እዩ ዝምላእ:: ኣቡኡ ብኣስረሕቲ ዝተዳለወ መመልከቲ ኣሎ ዊን ድማ ናይ ስራሕን ናይ ትምህርቲ ልምዲ ዝገልጽ (CV) ብናይ ኤሌክትሮኒክ መልእኽቲ (E-mail) ክትሰዱ ትኽእሉ ኢኹም
- ኣስራሕቲ ንቶም ምቑእ ሕጹያት ንዝኾኑ ንቃለ-መሕተት ይዕድሙ። ኣቀዲምኩም ንምንታይ እስኹም ንቲ ስራሕ ምቑእ ከምዝኾንኩም ክትነግሩ ድሉዋት ክትኾኑ ኣለኩም። ኣስራሕቲ ካብቶም ንቃለ-መሕተት ዝተዓደሙ ይመርጹ

## ስራሕ ምጅማር

- ናይ ስራሕ ውዕል ተፈራረሙ። ቅድሚ ምፍራምኩም ናይቲ ውዕል ውሽጣዊ ትሕዝቶ ከም ዝተረደኣኩም ኣረጋግጹ። ኣብ ናይ ስራሕ ውዕል ብዛዕባ መሃያ፣ ብዛዕባ ናይ ስራሕ ሰዓት፣ ብዛዕባ ክሳብ መዓስ ዝጸንሕ ስራሕ ምኳኑን ብዛዕባ ናይ ስራሕ ሓላፍነትኩም ክገልጽ እዩ። ኣብ ናይ ስራሕ ውዕል ሓቂ ዘይኮነ ሓበሬታ ክሕልው የብሉን
- መሃያ ክኽፈለኩም ቁጽሪ ሒሳብ ከድልየኩም እዩ። ናይ ባንክ ቁጽሪ ሒሳብኩም ንመሃያ ዝኸፍል ኽፍሊ ክተፍልጡ ኣለኩም
- ናይ ቀረጽ መኽፈሊ ወረቐት ከድልየኩም እዩ። ናይ ቀረጽ መኽፈሊ ወረቐት ካብ ትካል ቀረጽ ብኢንተርኔት ካብ omavero.fi ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። እንድሕር ብዕዋኑ ናይ ቀረጽ መኽፈሊ ወረቐት ደይሓብኩም ካብ መሃያኹም ስሳ (፷) ካብ ሚትእ ዝኾውን ቀረጽ ክቖረጸኩም እዩ። ናይ ባንክ ቁጽሪ ሒሳብኩም ዊን ንትካል ቀረጽ ኣፍልጡ ምንታን ትርፊ ዝኸፈልኩሞ ቀረጽ እንተሎ ናብ ባንክ ቁጽሪ ሒሳብኩም ንኽምለሰልኩም
- ካብቲ ናይ ስራሕ ውዕል ወረቐት ሓደ ንኣኹም ሓዙ። ንኬላን (Kela) ንካልኦት ትካላት ግን ናይቲ ውዕል ቅዳሕ ክተርእዩ ትኽእሉ ኢኹም
- ካብ ስድራኹም ዝኾነ ሰብ ካብ ኬላ (Kela) ዊን ድማ ካብ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ሓገዝ እንድሕር ዝረክብ ኮይኑ ብዛእባ ስራሕ ምርኻብኩም ክተፍልጡ ኣለኩም። እቲ ሓበሬታ ብጽሑፍ እንተኾነ ይምረጽ:: ናይቲ ስራሕ ውዕል ቅዳሕ ዊን ምስኡ ክታሓሓዝ ኣሎዎ